# ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ንዕሸላትን ቆልዑትን



## ሕቶታትን መልሲታትን ን ወለዲታትን ኣለይትን

ጁላይ 2022

Public Health
Seattle & King County

# ንምንታይ እዩ ቆልዓይ ክኽተብ ዘለዎ?

ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ቆልዓኹም ሓሚሙ ናብ ሆስፒታል ከይኣትው ወይ ከዓ ናይ ነዊሕ-ግዘ ምልክታት ከይሕዞ ዝበለጸ መከላኸሊ መንገዲ እዩ።

ኣብ ቆልዑት ዝረአ መብዛሕቲኡ ሕማም ኮቪደ-19 (COVID-19) ጠንካር ኣይኮነን፡ ሓሓሊፉ ግን ኮቪደ-19(COVID-19) ሓያል ኢንፌክሽን ከምፅእ ይኽእል። ኮቪድ-19(COVID-19) ካብቶም 10 ላዕሎዎት ቀተልቲ ዕሽላት ሓደ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብቲ ቫይረስ ቆልዑት ሎንግ ኮቪድ (long-COVID) ዝተብሃለ ናይ ነዊሕ ግዘ ጸገም ጥዕና ክፈጥረሎም ይኽእል።

# ንምንታይ እዩ ቆልዓይ ክኽተብ ዘለዎ?

ቆልዓኹም ክታበት ንኽወስድ ምግባር ንኣባላት ስድራታትን የርዕኽትታትን ብፍላይ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ንዘለው ይከላኸል እዩ።



# ንምንታይ እዩ ቆልዓይ ክኽተብ ዘለዎ?

## ክታበት ቆልዑ ቆልዑ ንክኾኑ ይሕግዝ።

ቆልዑ ክታበቶም ብእዋኖም እንተወሲዶም ን ዘሕጉሶም ነገራት ንኣብነት ከም ዕለት ትውልዶም ምኽባር፣ ስፖርት ምፅዋት፣ ምስ ስድርኦምን የርዕኽቶምን ኣብ ውሽጢ ገዛ ግዘ ምሕላፍ ብዘይ ስግኣት ክከናውኑ ይኽእሉ።



# ናይ ቆልዑ ክታበት ውፅኢታዊን ሳዕቤን ዘይብሉን ድዩ?

እወ። ብመሰረት ኣብ ክሊኒካት/ጥዕናታት ብዝተገብረ መፅናዕቲ እዚ ክታበት **ሓደገኛ ዝባሃል ፅልዋ** ከምዘይብሉን ኣብ ምክልኻል ሕማም ኮሮና ቫይረስ ናይ ቆልዑት ልዕሊ 90% ውፅኢታዊ ከም ዝኾነን ትካል ምምሕዳር መግቢን ኣፋውስን-ኤፍዲኤ (FDA) ወሲኑ ኣሎ።

ድሕሪ ምኽታቦም ቆልዑት ብኮቪድ ክዳሓዙ ይኽእሉ እዮም፥ **ኮይኑ ጊና እቲ ክታበት ነቲ ቐንዲ ነገር ብደንቢ ይቃለስ፣ካብ ሕማም፣ ሕዱር ጸገም ጥዕናን ካብ ሞትን ይከላኸል።**

# ናብ ቦታ ክታበት ልምኻድ ብጣዕሚ ይፅገም፡ እንታይ ሓገዝ ኣለኩም?

- **ሓገዝ ስንክልና፥-** ፍሉይ ሓገዝ ስንክልና እንተደሊኹም ናብ publichealthaccommodations@kingcounty.gov ኢ-ሜይል ግበሩ ወይካዓ ብ 206-477-3977 ደውሉ፡፡
- **ሓገዝ ቋንቋ፥-** ናይ ቋንቋ ትርጁማን እንተደሊኹም ናብ ኪንግ ካዉንቲ ማእኸል ፃዉዒት ብ 206-477-3977 ካብ 8 a.m ክሳዕ 5 p.m ደዉሉ፡፡ ምስ ተቐባላይ ምስተራኽብኩም ብኽብረትኩም እትደልይዎ ቋንቋ ሓብሩ፡፡
- **መጓዓዝያ፥-** ናብ ቦታ ቆፃራ ክታበት ልምኻድ መጓዓዚያ እንተደሊኹም ናብ መራኽቢ ሃፍቲ መጓዓዚያ (TRL) (425) 943-6760 ካብ 8:30 AM — 4:00 PM ደዉሉ፡፡ ወይካዓ ን FindARide.org ረኣዩ፡፡